ናይ ከተማ መቀለ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ኣብ ከተማ ዓዲ ግራት ቀበሌ 04 ስፍሓት 250 ሜካሬ ገዛን ቦታን ብጨረታ ንክሸወጥ ኣዚዙ ኣሎ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሰነ 30, 2018 ( ቅድሚ 2 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓምለ 2, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:25%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓምለ 2, 2018 6:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ገዛ/ህንፃ ሓራጅ/

መ/ቁ 36178

ዕለት/15/2018 ዓ/ም

ምልክታ ጨረታ

ኣፈ ከሰስቲ፣

1 ኣይተ ዮናስ ግርማይ ዉብነህ

2 ኣይተ መርሃዊ ለገሰ መብራህቱ

ኣፈ ተከሰስቲ

1 ኣይተ ተስፋኣለም ዘመንፈስ ገ/ሚካኤል

2 ወ/ሪት ልዋም ዘመንፈስ ገ/ሚካኤል

3 ወ/ሮ ፍረወይኒ ዘመንፈስ ገ/ሚካኤል

4 ኣይተ መድሃንየ ዘመንፈስ ገ/ሚካኤል

ኣብ መንጎ ኣፈ ከሰስትን ኣፈተከሰስትን ብዘሎ ናይ ገንዘብ ክትዕ ኣመልኪቱ ኣብ ከተማ ዓዲ ግራት ቀበሌ 04 ብሸም መዋቲት ወ/ሮ ፃድቃን ተካ ዝማርያም ዝፍለጥ መዋሰኒኡ ብምብራቅ መንገዲ ብምዕራብ ሃይሉ ኣድሓኖም፡ ብሰሜን መንገዲ ብደቡብ ድማ ኣይተ ጥዑም በርሀ ዘዋስኖ ስፍሓት 250 ሜካሬ ገዛን ቦታን ዝሓዘ ንመፈፀሚ ንክዉዕል በዚ ቤት ፍርዲ ስለዝተደለየ እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ገዛን ቦታን ብመበገሲ ዋጋ 2,896,890-37 (ክልተ ሚልዮንን ሸሞንተ ሚእትን ቴስዓን ሽዱሽተን ሽሕን ሸሞንተ ሚኢትን ቴስዓን ቅርሺ ምስ 37/100 ሳንቲም) ብጨረታ ከምዝሸወጥ፡ ጨረታ ዝካየደሉ ኣብቲ ገዛን ቦታን ዝርከበሉ ከተማ ዓዲግራት እንትከዉን ጨረታ ዝካየደሉ ዕለት 02/11/2018 ዓ/ም ካብ ሰዓት 3፡00 ናይ ንጉሆ ክሳብ ሰዓት 6፡30 ናይ ቀትሪ ፀኒሑ ልክዕ ሰዓት 6፡31 ናይ ቀትሪ ጨረታ ይዕፆ። ጨረታ ሰዓራይ እንተተፈሊጡ ናይቲ ጨረታ ዘሸነፈሉ ጠቅላላ መጠን ገንዘብ ቅድሚያ 25 % የትሕዝ ፣ እቲ ዝተረፈ 75 % ገንዘብ ድማ ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲ ጠቅሊሉ ኣታዊ ከምዝገብርን፣ ናይቲ ገዛ ሽም ንምዝዉዋር ዘድልዩ ክፍሊታት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ድማ ጨረታ ሰዓራይ ባዕሉ ከምዝሸፍን ናይ ጨረታ ዉፅኢት ድማ ንዕለት 03/11/2018 ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ናብ ከተማ መቀለ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ንክቀርብ ናይ ከተማ መቀለ ማእከላይ ቤት ፍርዲ ኣዚዙ ኣሎ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle